# ግደ በርጌሳውያን ማሕበራት ኣብ ፖለቲካዊ ውሳኔ ?

ካልኣይን መወዳእታን ክፍል

በርጌሳዊ ማሕበራት ዘልዕልዓሎም ሕቶታት ብመሰረቱ ሓደ እቲ ሰብኣዊ ክብረ፣ ቀጺሉ ድማ ኣብ ኤርትራ ሕገ መንግስቲ፣ ነጻ ቤት ፍርዲ፣ ክህሉ ዝብል ካልእ ኣገደስቲ ጉዳያትን እዮም።

በርጌሳዊ ማሕበር ነዚ ጉዳያት ኣብ ብዙሕ መጋባእያቱ ዘቲሎምን ተኻቲዕሎምን፣ ኣብ ገገለ ዓውዲ 'ውን መጽናዕቲ ኣካይዱ። ንኣብነት ሃገራዊ ዋዕላ ብኸመይ ይሰላሰል ዝብል ፍልይትʼቲ ሽማግለ ዝኸተጽንዕ ወጺኣ ከም ዝነበረት ይፍለጥ፣ እቲ መጽናዕቲ ግን ንህዝቢʼኳ ኣይተነግረን። ንሓበሬታ ዝኣክል፣ እቲ ኣብ ለንደን ዝተኻየደ ናይ መላእ ኤውሮጳ በርጌሳዊ ማሕበር ( እንተዘየተጋግየ ኣብ ወርሒ መስከረም 2003ን ) እዩ።

በርጌሳዊ ማሕበር ዕላማታቱን ኣነጺሩ ኣቐሚጡ ኣሎ። በርጌሳዊ ማሕበር ኣንጻር ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ዘካይዶ ዘሎ ዘይፍትሓዊ ኢሰብኣዊ ምሕደራ ዝጸረር እዩ።

በርጌሳዊ ማሕበራት ነቲ ፍታሕ ክርከበሉ ዝተደለየ ሃገራውን ህዝባውን ሕቶታት ኣልዒሉ ተበጊሱሉ ዘሎ ቃልሲ እኹል ተረፍ ጭብጢ ዘለዎ እዩ። ንኣብነት ኣብ ኤርትራ ቅዋም የልቦን፣ እቲ መንግስቲ መሳኺ ስርዓትʼዩ ንዝብል ናይʼቲ ካልእ ብድሕሪኡ ክመጽእ ዝኽእል መቐጸልታʼዩ።

በርጌሳዊ ማሕበራት ኣብ ዝሓለፈ ኣርባዕተ ዓመታት ልዑል ዝኾነ ኣብርክቶ ገይሩ። ብጥርኑፍ ኣገባብ ሰላምዊ ሰልፊ፣ ማኒፈስቶ ፣ ኣኼባታት፣ ሃገራዊ በዓላት፣ ሓበሬታ ንህዝቢ ኣብ ምትሕልላፍ ኣንጻር ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ንታሪኽ ዓብይ ስርሒት ሰሪሑ ኣሎ።

እቲ ግደ በርጌሳዊ ማሕበራት ኣብ ፖለቲካዊ ውሳኔ ዝብል ሕቶ፣ ቀጥታዊ ኣይኮነን። እዚ ማለት በርጌሳዊ ማሕበራት ጉባኤ ሰሪዑ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ ክሕንጽጽ ኣይክእልን እዩ። ግን ኣብʼዚ ህዝባዊ ፖለቲካዊ ውሳኔ ዘለዎ ግደታት ተኣርዩን ተቆጺሩን ዘይውዳእ ኣሎ።

እቲ ግደታት ድማ ክሳብ ሕጂ ተወንዚፉ ዘይተሰርሓሉ ዘሎ ሕዛእቲʼዩ እብል። ንሱ ድማ በርጌሳዊ ማሕበራት ሕቶታት ኣልዒሉ ደኣʼምበር ነቶም ዘልዓሎም ሕቶታት በየናይ መንገዲ ይዕወተሎም ናይ ዕላማ መሓዙቱን ነቲ ዕላማ ንምርግጋጽ ክጥቀመሉ ዘለዎም መስኖታት ፈጺሙ ኣይገልህን ዘሎ።

ሓደ እንታይ'ዩ ? እወ በርጌሳዊ ማሕበራት ከም'ቲ ዝተበገሰሉ ኣብ ፖለቲካዊ መዳይ መሻኺ ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ጥራሕ ዘይኮነ ነቲ ኣብ ውሽጢ ተቃውሞ ሓይሊ ንዝረአ'ውን ብጭቡጥን ብመርትዖን ክንስዮ ኣይተራእየን።

ሕራይ ፡ ኣባላቱ ናይ ዝተፈላለየ ፖለቲካዊ ተምክሮ ድሕረ ባይታን፡ ዝንባለን ክህልዎም ይኽእል፡ እዚ ተመክሮ ድሕረ ባይታን ግን ከም ሃብታም ተመክሮ ዘለዎ ማሕበር ክገብሮም'ምበር፡ ከም መፍረዲ ናይ ዘይድግፍወን ፖለቲካውያን ውድባት ክኾኑ ኣይክእሉን። እዚ እንተኾይኑ ድማ በርጌሳዊ ማሕበራት ወገን ወሲደን ክበህል ወይ ኸሐሚ ይኽእል።

ብሓቂ ወገን ወሲዶም እንተዘየተባህለ ኣብ'ዚ ንዝምልከት በርጌሳዊ ማሕበራት ብኣጠቓላሊ ንኩሉ ውድብ ክድግፍ ኣይክእልን'ዩ፡ ንኩሉ ድማ ክኹንን ኣይክእልን እዩ፡ ኣብ ሓዲግ ሰማይ ሓዱግ ምድሪ ድማ ክተርፍ ኣይክእልን ከመይስ፡ ብተመክሮ ዝበሰሉን ዝተማህሩን ንስለ ዘለዎ፡ ግን እቲ ዝሓለፈ ኩነታት፡ ነቲ ቅኑዕ ዝበሎ ውድብ ኣይደገፈ ነቲ ጉይ ዝበሎ ውድብ ድማ ኣይነቐፈ፡ በዚ ምኽንያት ድማ ኣብ'ቲ መስርሕ ድኻም ከርኢ ግድነት ነበረ።

በርጌሳውያን ማሕበራት ንመራሕትን ናይ ፖለቲካውያን ምሁራት እንዳዓደማ ምስ ህዝቢ ከራኽባን ከዛትያን ጸኒሐን ክነሰን፡ መደምደምታ ዘየገብራሉን ንህዝቢ ነቲ ቅኑዕ ፖለቲካዊ መስመር ክስዕብ ዘይምግባራን ነቲ ስርሓተን ክዕንቅፍ ኪኢሉ።

ኣኼባታትን ሰሚናራትን ተገይሩ፡ ገምጋምን ውጽኢትን ዘይብሉ ግን ኣይኮነን፡ እሞ እቲ ውጽኢትን ገምጋምን እንታይ ነቢሩ ተባሂሉ ክሕተት እቶም ሰሚናራትን ኣኼባታትን ዘካየዱ ክሕተቱ ኣለዎም። እቲ ኣኼባ ከም ደሞክራሲያዊ መስርሕ ናይ ኩሉ ርእይቶ ምስማዕን፡ ምንባብን ኣገዳሲ'ዩ፡ ንህዝብናን ንሃገርና ዘርብሕ ግን ኣየና መንገድን ናይና መስርሕን እዩ ተባሂሉ ክጽጸን ክእረን ዘለዎ ጉዳይ እዩ።

እዚን ከም'ዚ ዝመስልን ጉዳያት ካብ በርጌሳዊ ማሕበራት ኣይተረኽበን፡ ኣብ ገገለ ሃገራት እሞ ጭው ዝበለ መርገጽ ብምውሳድ፡ ከም ጨንፈር ውድባት ኮይነን ከገልግላ ተምሳል ንስለ ዘርኣያ እቲ ተስፋ ተነቢሩ ዝነበረ ምንቕስቓስ ደኺሙ።

ነቲ ክንዲ ጎቦ ዝኸውን ርእዩን ርዱእን ሕቶታት ሰብኣዊ መሰል፡ ህዝባዊ መንግስቲ ወዘተ ብተመሳሳሊ መሳርሒ ንስለ ዘይተጓሰየን ዘይተኣለየን በርጌሳዊ ማሕበራት ምስ ዕዙዙ ሕቶታቱን ጉዳዩን ኣዝዩ ኣብ ቃልሲ ዛሕቲሉ።

ሓቂ እንተዘይተሓቢኡ እቲ ክወጽእ ዘለዎ ሕቶታት፡ ኣንጻር ህ.ግ.ደ.ፍ ጥራሕ ዘይኮነ ህዝቢ ንቃልሱ ንምዕዋት ክኸዶም ዘለዎ መስርሕን ብፍላይ ድማ በየናይ ፖለካዊ ውሳኔ

ንዝብል ደገፍ በርጌሳዊ ማሕበራት ንስለ ዘድሊ በርጌሳዊ ማሕበራት ንህዝቢ ቅኑዕ ፖለቲካዊ መስርመር ምስ ተምክሮታቶም ብምዝማድ ንስለ ውዱቕ ዝገብርዎ ሓበሬታን ቃልስን ህሃደ ተዓጊቶም።

ናይ'ዚ ኣብ ላዕሊ ተጠቒሱ ዘሎ፣ ዘሎኒ ሓበሬታ ከም ኣብነት፣ ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ ሓምለ ኣብ ፍራንክፎርት ፖለቲካውያን ውድባትን ሲቪል ማሕበራትን ዕዱማትን ዝተሳተፍዎ ኣኼባ ተገይሩ ከም ዝነብረን፣ እቲ ኣኼባ ድማ ንገገለ ውድባት ክሳብ ምሹናን ዝበጽሐ ጸብጻባትን መጽናዕትን ዘየተገብረሉ፣ ብኡ ንብኡ ዝፈሸለን ኩሉ ፋሕፋሕ ቢሉ ናብ'ቲ ካብ ዘዝመጻሉ ከም ዝተመልሰ ይሕበር። እዚ ሓደ ኣሉታዊ መርኣያ ሲቪል ማሕበር ክኹነን ዘሎ ተግባራትን ኣሰራርሕና ተምክሮን'ዩ።

ግርም፣ ትድግፎ መስምር፣ ቅኑዕ መስምር ሃልዩ ትኹንኖን ትነቕፎን ክህሉ ግድነት'ዩ። ግን ብሓሳብ ጥራሕ ከም'ዚ ንድግፍ ግን ከኣ ነዝን ነትን ውድብ ኝኹንን ክብሃል ብሓቂ ካብ ሜዳ ቃልሲ ርሒቕና ምህላውና ጥራሕ'ዩ ዝሕብር።

*መደምደምታ*

ጽሑፍ'ኧ ኣንዊሐ ግን ፣ በርጌሳዊ ማሕበራት ክገብሮ ዘልዎ ዝብሎ ሓደ ሓቅን ቅንዕ ናን፣ ግሉጽነትን ተዓጢቑ ብዛዕባ ዝግበሮን ዝብሎን ጥራሕ ዘይኮኣን ብዛዕባ'ቲ ዝብሃል'ውን ክምርምርን ንህዝቢ ከፍልጥን ጥዕና ፖለቲካዊ ውሳኔ ውድባት ክሕግዞን ክደፍኦን ይግባእ።

በጌሳዊ ማሕበራት ምእንቲ ክብሩን ታሪኻዊ ጉዕዙኡን ነቲ ዝድግፎ ኣብ ባይታ ኣውሪዱ ብዝተጸንዐን ብዝተመርመረን ከም ናይ ቃልሲ ሜላን ምሕዝነትን ክወስዶ ይግባእ። በርጌሳዊ ማሕበራትን ኣባላቱን ነቲ ዘካይዶ ቃልሲ ከም መሕከሊ፣ ወይ ከም መፈደይ ሒነ ዘድግፈን ውድባት እንተወሲድዎ ነቲ ቃልሲ ኣብ ፍረን ዓወትን ዘብጽሕ ኣይኮነን።

በርጌሳዊ ማሕበራት ክገብሮ ዘልዎ ጉዳይ ክሳብ ሕጂ ብዝፈጸሞም ስርሒት ዘይኮነስ፣ በቲ ተሪፍዎ ዘሎ ወሳንን ኣገዳስን ስርሒታት ፍጻሜታት ታሪኽ ምኟኑ ክፈልጥ ኣለዎ።

ዓወት ንተቃላሳይ ህዝቢ ኤርትራ

26 ጥቅምቲ 2005

ኣንቶንዮ ተስፋይ